# ካልኣይ ኣርእስቲ - ተኸራኸርቲ ወገናት

## ምዕራፍ 1. ሓፈሻዊ ድንጋገታት




### ዓንቀጽ 63. - ደረት ተፈጻምነት

(1) ድንጋገታት ናይዚ ምዕራፍ ኣብ ትሕትዚ ሕጊ ኣብ ዝግበር ዝኾነ ዳንነት ተፈጻምነት ይህልዎም።

(2) ድንጋገታት ናይዚ ምዕራፍ ንይግባይ ኣብ ዝትግበርሉ ግዜ "ይግባይ በሃሊ" ን "ወሃብ መልሲ"ን ዝብሉ ቃላት ከከም ኣድላይነቱ "ከሳሲ" ን "ተኸሳሲ" ን የጠቓልሉ።

### ዓንቀጽ 64. - ብቕዓት

(1) ዝኾነ ሕጋዊ ብቕዓት ዘሎዎ ሰብ ተኸራካሪ ወገን ኪኸውን ይኽእል።

(2) ኣብ ትሕዝቶ ናይቲ ኽሲ ስሩት ረብሓ ኣብ ዝህልዎሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ዝኾነ ሰብ ክኸስስ ኣይክእልን።

(3) ብኸሳሲ ካብኡ ዝሕተት ዝኾነ ኽሲ ኣብ ዝቐርበሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ዝኾነ ሰብ ተኸሳሲ ኰይኑ ኣይቀርብን።

(4) ድንጋገታት ናይዚ ዓንቀጽ፡ ኣብ ትሕትዚ ሕጊ ንዝተፈቕደ ምጥማር ናይ ተኸራኸርቲ ወገናት ብዝኾነ ይኹን መገዲ ኣይድርቱን።

### ዓንቀጽ 65. - ሕጋውያን ወኪላት

(1) ሕጋዊ ብቕዓት ዘይብሉ ሰብ ብመገዲ ሕጋዊ ወኪሉ ኪኸስስ ወይ ኪኽሰስ ይኽእል።

(2) ሕጋዊ ብቕዓት ዘይብሉ ሰብ ሕጋዊ ወኪል ከይተመዘዘሉ ምስ ዚጸንሕ፡ ብመሰረት ዝምልከቶም ድንጋገታት ሲቪላዊ ሕጊ ሕጋዊ ወኪል ክሳዕ ዚምዘዘሉ እቲ መስርሕ ዳንነት ይውንዘፍ።

(3) ስዒቦም ዝርከቡ ዓናቕጽ ከይተተንከፉ፡ ሕጋዊ ሰብነት ዝተዋህቦም ኣካላት፡ ብመሰረት ዝምልከቶም ድንጋገታት ሲቪላዊ ወይ ንግዳዊ ሕጊ ኪውከሉ ይኽእሉ።

(4) ምስ ሕጊ ባሕሪ ኣብ ዝተኣሳሰሩ ጕዳያት ዝግበር ውክልና ብመሰረት ድንጋገታት ሕጊ ባሕሪ ይኸውን።

(5) ኣብ ኵሉ ብዓቃብ ንብረት፡ ብፈጻሚ ለበዋ ወይ ብኣማሓዳሪ ንብረት ውርሲ ንዚመሓደር ንብረት ብዚምልከት ዚቐርብ ክሲ፡ እቲ ኽሲ ኣብ መንጎ እቶም በቲ ንብረት ረብሓ ዘሎዎም ሰባትን ሳልሳይ ኣካልን ምስ ዚኸውን፡ እቲ ዓቃብ ንብረት፡ ፈጻሚ ለበዋ ወይ ኣማሓዳሪ ንብረት ውርሲ ነቶም ረብሓ ዘሎዎም ሰባት ይውክሎም፡ ቤት ፍርዲ ከምኡ ክግበር ኣብ ዝእዝዘሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ ድማ ኵሎም ኣብቲ ጕዳይ ተኸራኸርቲ ወገን ኰይኖም ኪቀርቡ ኣድላዪ ኣይከውንን።

<u>ዓንቀጽ 66. - ወካሊ ተኸራኻሪ ወገን</u>

(1) ሓያሎ ሰባት ኣብ ሓደ ጕዳይ ሓደ ዓይነት ረብሓ ምስ ዚህልዎም እሞ ኵሎም እቶም ረብሓ ዘሎዎም ሰባት ኪውከሉ ከም ዝተሰማምዑ ቤት ፍርዲ ኣብ ዘረጋግጸሉ ኹነታት፡ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብቶም ሰባት ኪኸሱ ወይ ኪኽሰሱ፡ ወይውን ኣብ ክንዲ ወይ ንረብሓ ናይ ኵሎም ረብሓ ዘሎዎም ሰባት ኪከላኸሉ ብቤት ፍርዲ ኪምዘዙ ይኽእሉ።

(2) ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ኣብ ክንድኡ ወይ ንረብሓኡ ክሲ ዝተመስረተ ወይ መልሲ ዝቐረበ ዝኾነ ሰብ፡ ኣብቲ ክሲ ተኻራኻሪ ወገን ኰይኑ ንኪኣቱ ናብ ቤት ፍርዲ ከመልክት ይኽእል።

<u>ዓንቀጽ 67. - ምኽሳስ መሻርኽቲ ብስም ትካል</u>

ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ኣብ ኤርትራ ንግድ ዘካይዱ መሻርኽቲ ኣብ ዝኸስሉ ወይ ዝኽሰስሉ፡ ብስም እቲ ንኽሲ ምኽንያት ዝኾነ ፍጻመ ኣብ ዘጋጠመሉ ግዜ እዞም ሰባት ኣባላት ዝነበርሉ ሽርክና ክኸሱ ወይ ክኽሰሱ ይኽእሉ። ኣብ ከምዚ ኹነታት ዝኾነ ተኸራኻሪ ወገን፡ ዝርዝር ኣሽማትን ኣድራሻን ኣብቲ ግዜ ኣባላት ናይቲ ሽርክና ዝነበሩ ሰባት፡ ቤት ፍርዲ ብዚእዝዞ ኣገባብ መሰረት ንኺቐርብን ኪረጋገጽን ናብ ቤት ፍርዲ ከመልክት ይኽእል።

<u>ዓንቀጽ 68. - ምቕላዕ ኣሽማት መሻርኽቲ</u>

(1) ብስም ሽርክና ብመሻርኽቲ ኽሲ ኣብ ዝቐርበሉ ኹነታት፡ ብዝኾነ ተኸሳሲ ወይ ኣብ ክንዲ ዝኾነ ተኸሳሲ ብጹሑፍ ምስ ዚሕተት፡ እቶም ከሰስቲ ወይ ናቶም ወዳእቲ ነገር ነቲ ብስሙ ክሲ ዝተመስረተሉ ሽርክና ናይ ዘቈሙ ኵሎም ሰባት ዝርዝር ኣሽማትን ኣድራሻን ብጽሑፍ ይገልጹ።

(2) እቶም ከሰስቲ ወይ ናቶም ወዳኢ ነገር ኣብ ትሕቲ እዚ ዓንቀጽ ዝተኣዘዘ ምስ ዘየኽብሩ፡ ብምሉኡ መስርሕ ዳንነት ቤት ፍርዲ ንዝቐርበሉ ምልክታ ምርኵስ ብምግባር ኪመርሖ ብዝኽእል ኩነታት ኪጸንሕ ይኽእል።

(3) ናይቶም መሻርኽቲ ኣሽማት ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ እዚ ኣብ ዝተገልጸሉ እሞ ኵሉ እቲ መስርሕ ዳንነት ብስም እታ ሽርክና ምስ ዚቕጽል፡ ኣብቲ ክሲ ልክዕ ከም ከሰስቲ ከም ዝተገልጹ ኰይኑ፡ እቲ ጕዳይ ብሽምቲ ዝጀመሮ ይቕጽል፡ ብዥሉ ሽነኻቱ ድማ ሓደ ዓይነት ሳዕቤን የኸትል።

<u>ዓንቀጽ 69. - ብስሙ ዘይኰነ ካልእ ስም ንግድ ንዘካይድ ሰብ ምኽሳስ</u>

ብስሙ ዘይኰነ ካልእ ስም ንግድ ዘካይድ ሰብ፡ እቲ ስም ከም ስም ሽርክና ተሓሲቡ በቲ ስም እቲ ኪኽሰስ ይኽእል። ንረብሓ ወይ ኣንጻር ብስሞም ዘይኰነስ ብኻልእ ስም ንግድ ኣብ ዘካይዱ ሽርክናታት ወይ ሰባት ዝቐርቡ ክስታት ተፈጻምነት ዘሎዎ ዝኾነ ድንጋገ ናይዚ ሕጊ እቲ ባህርይ ናይቲ ጕዳይ ክሳዕ ዘፍቐደ ተፈጻምነት ይህልዎ።

<u>ዓንቀጽ 70. - ኣብ መንጎ መሻርኽቲ ዚኽፈት ክሲ</u>

ንረብሓ ወይ ኣንጻር ብስሞም ዘይኰነስ ብኻልእ ስም ንግድ ኣብ ዘካይዱ ሽርክናታት ወይ ሰባት ዝቐርቡ ክስታት ተፈጻምነት ዘሎዎ ዝኾነ ድንጋገ ናይዚ ሕጊ፡ ኣብ መንጎ ሓደ ሽርክና ምስ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኣባላቱ ከምኡውን ኣብ መንጎ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ናይ ሓባር መሻርኽቲ ዘሎዎም ሽርክናታት ዝልዓሉ ክስታት ተፈጻምነት ይህልዎ።

<u>*ምዕራፍ 2. - ወኪላት፡ ወዳእቲ ነገርን ተርጐምትን*</u>

<u>ዓንቀጽ 71. - መትከል</u>

ኣብ ቤት ፍርዲ ብሓደ ተኸራኻሪ ወገን ኪግበር ዝግባእ ወይ ዝፍቐድ ዝኾነ ተግባር፡ በቲ ወገን እቲ ብኣካል ወይ ምስቲ ጕዳይ ተዛሚዱ ኪለዓል ዝኽእል ዝኾነ ሕቶ ኪምልሽ ብዝኽእል ሕጋዊ ተጸዋዒ፡ ወኪል ወይ ወዳእ ነገር ኪግበር ይከኣል።

<u>ዓንቀጽ 72. - ተወከልቲ ብሓፈሻ</u>

ንተኻራኻሪ ወገን ክውክሉ ዝኽእሉ እዞም ዚስዕቡ እዮም፤

(ሀ) ብዘይ ክፍሊት ዝቐርቡ ናይቲ ተኸራኻሪ ወገን መጻምዲ፡ ኣደ፡ ጓል፡ ሓብቲ፡ ሓው፡ ወዲ፡ ኣቦ፡ እኖሓጎ ወይ ኣባሓጎ፡ ወይ

(ለ) ኣብ ክንዲ ወይ ብስም ኣብ ውሽጢ ከባብያዊ ኽለ-ስልጣን ናይቲ ቤት ፍርዲ ዘይነብሩ ወገናት ንግድ ወይ ዋኒን ዘካይዱ ሰባት፡ ምስቲ ንግድ ወይ ዋኒን ብዚዛመዱ ጕዳያት ጥራይ፡ ኾይኑ ግን ኣብ ክንዲ ከምዚ ዚመስሉ ወገናት ዚትግብር ካልእ ወኪል ኪህሉ የብሉን።

<u>ዓንቀጽ 73. - ጠበቓታት</u>

(1) ዝኾነ ጠበቓ፡ በቲ ዝምልከቶ ሰብ ወይ ብወኪሉ ወይ ከምኡ ዝመስል ሓላፍነት ኪህብ ብሕጊ ብዝተመዘዘ ካልእ ሰብ ንኽምኡ ዕላማ ተባሂሉ ኣብ ዝተመዘዘሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ኣብ ክንዲ ዝኾነ ሰብ ኣብ ቤት ፍርዲ ኺቐርብ ኣይክእልን።

(2) ኣብዚ ዓንቀጽ ዝተገልጸ ውክልና ስልጣን ወይ ቅዳሕ ናቱ ምስ ጽሑፋት ክርክር ይተሓሓዝ። ብብዓል ጕዳይ ወይ ብጠበቓ ተፈሪሙ ብዝቐረበ ጽሑፍ መሰረት ብፍቓድ ቤት ፍርዲ ክሳዕ ዚስረዝ፡ ብዓል ጕዳይ ወይ ጠበቓ ክሳዕ ዚመወት፡ ወይ ንብዓል ጕዳይ ዘርኢ ኣብቲ ጕዳይ ዝርከብ ኵሉ መስርሕ ኣብ መፈጸምታ ክሳዕ ዚበጽሕ እቲ ውክልና ተቀባልነት ይህልዎ።

(3) ንዕላማታት ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ብዚምልከት ምስቲ ጕዳይ ተኣሳሲሩ ዝግበር ዝኾነ ምልክታ ወይ ይግባይ ከም መስርሕ ዳንነት ናይቲ ጕዳይ ይቑጸር።

<u>ዓንቀጽ 74. - ኣብ ክንዲ መንግስቲ ዚውከሉ ሰባት</u>

ንዝኾነ ፍርዳዊ መስርሕ ብዚምልከት ኣብ ክንዲ መንግስቲ ዚውክሉ ሰባት፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ሕጊ ዝፍጸም ዝኾነ ተግባር ኣብ ክንዲ መንግስቲ ንኪፍጽሙ ከም ዝተወከሉ ይቑጸሩ።

ዓንቀጽ 75.- ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛ መንግስቲ ዚቐርብ ክሲ

(1) ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ ዚቐርብ ክሲ መንግስቲ ኽከራኸር ምስ ዚውስን፡ ወዳእ ነገር መንግስቲ ነዚ ኪፍጽም ኣብ ዝምዘዘሉ እዋን፡ ናብ ቤት ፍርዲ የመልክት እሞ እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ምልክታ ከም ዝተቐበሎ ዝገልጽ ሓበሬታ ኣብ መዝገብ ከም ዝሰፍር ይገብር።

(2) ኣብቲ ወይ ቅድሚ ተኸሳሲ መልሲ ከቕርበሉ ኣብ መጸዋዕታ ዝተገልጸ ዕለት ቈጸራ ወዳእ ነገር መንግስቲ ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ብዝሰፈረ መሰረት ምልክታ ምስ ዘየቕርብ፡ እቲ ጉዳይ ከም ኣብ መንጎ ብውልቆም ዝኸራኸሩ ወገናት ዚካየድ ክርክር ይቕጽል።

ዓንቀጽ 76.- ወኪል ኣባል ሓይልታት ምክልኻል

(1) ኣብ ሓደ ክሲ ተኸራኻሪ ወገን ዝኾነ ኣባል ሓይልታት ምክልኻል፡ ብኣካል ቀሪቡ ኪኸስስ ወይ ክከላኸል ፍቓድ ኪረክብ ምስ ዘይክእል ንእኡ ወኪሉ ዝፍጽም ኻልእ ሰብ ኪምዝዝ ይኽእል።

(2) እቲ ውክልና ብጽሑፍ ዚወሃብ ኰይኑ እቲ ወካሊ ኣብ ቅድሚ እዞም ዚስዕቡ ይፍረም፤

(ሀ) ኣብ ቅድሚ ኣዛዚኡ መኰንን፡ ወይ ተኸራኻሪ ወገን ባዕሉ እቲ ኣዛዚ መኰንን ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ ኣብ ቅድሚ ዚቕጽል ታሕተዋይ መኰንን፡ ወይ

(ለ) እቲ ተኸራኻሪ ወገን ኣብ ወተሃደራዊ ስታፍ ዘገልግል ምስ ዚኸውን፡ ኣብ ቅድሚ ሓላፊ ወይ ላዕለዋይ መኰንን ናይቲ ዝሰርሓሉ ቤት ጽሕፈት።

(3) እቲ ውክልና ብኸታም ናይቲ ኣዛዚ መኰንን ወይ ካልእ መኰንን ድሕሪ ምርግጋጹ ኣብ መዝገብ ቤት ፍርዲ ይተሓሓዝ። ኣብ መዝገብ ቤት ፍርዲ ድሕሪ ምትሓሓዙ፡ እቲ ዝተገብረ መረጋገጺ ክታም እቲ ውክልና ብግቡእ ከም ዝተፈጸመን እቲ ወካሊ ነቲ ጉዳዩ ብኣካል ንምክትታል ዘኽእሎ ፍቓድ ኪረክብ ከም ዘይእክልን እኹል መርትዖ ኰይኑ የገልግል።

(4) ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ውክልና ዝተቐበለ ሰብ ነቲ ጉዳይ ባዕሉ ኪከታተሎ ወይ ጠበቓ ኪመዝዝ ይኽእል።

ዓንቀጽ 77.- ወኪል እሱር

(1) ኣብ ሓደ ክሲ ተኻራኻሪ ወገን ዝኾነ እሱር ነቲ ጉዳይ ብኣካል ኪከታተል ፍቓድ ኪረክብ ምስ ዘይክእል፡ ኣብ ክንድኡ ኰይኑ ዚፍጽም ዝኾነ ሰብ ኪውክል ይኽእል።

(2) እቲ ውክልና ብጽሑፍ ዚግበር ኰይኑ ኣብ ቅድሚ ኣዛዚ ቤት ማእሰርቲ ኪኽተምን በቲ ኣዛዚ ቤት ማእሰርቲ ብኸታም ድሕሪ ምርግጋጹን ኣብ መዝገብ ቤት ፍርዲ ይተሓሓዝ።

(3) ዓንቀጽ 76 (3) ን (4) ን ኣብ ትሕትዚ ዓንቀጽ ኣብ ዝተዋህቡ ውክልናታት ተፈጻምነት ይህልዎም።

ዓንቀጽ 78. - መጸዋዕታ ዚቕበል ወኪል

(1) ብዘይካ እዞም ኣብ ዝሓለፉ ዓናቕጽ ዝተገልጹ ወኪላት፡ ኣብ ውሽጢ ክለ-ስልጣን ናይ ሓደ ቤት ፍርዲ ዚነብር ዝኾነ ሰብ መጸዋዕታ ንኺቕበል ክውከል ይኽእል።

(2) ከምዚ ዓይነት ውክልና ብጽሑፍ ይግበርን፡ ብወካሊ ተፈሪሙ ድማ ኣብ መዝገብ ቤት ፍርዲ ይሰፍር።

ዓንቀጽ 79. - ተርጓሚ

(1) ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኵነታት፡ ቤት ፍርዲ ኣብ ክንዲ ተኻራኻሪ ወገን ኰይኑ ዝትርጉም ተርጓሚ ኪመዝዝ ይኽእል። እቲ ዝትርጉም ሰብ ክትርጉም ቅድሚ ምጅማሩ ይምሕል ወይ መረጋገጺ ይህብ።

(2) ተኸራኸርቲ ወገናት ተርጐምቲ ኰይኖም ከገልግሉ ዝኽእሉ ሰባት ኪረኽቡ ይኽእሉ፡ እንተ ኾነ ዋላውን ናይቲ ኺትርጐም ዝድለ ቋንቋታት እኹል ኣፍልጦ እንተሎዎ፡ ዝኾነ ተኻራኻሪ ወገን ከም ተርጓሚ ኪምዝዝ ኣይክእልን።

(3) ተርጓሚ ብምሉእ፡ ብትኽክልን ብቕልጡፍን ኪትርጉም ይግደድ፡ ነቲ ትርጉም ንምንጻር ወይ ንምድጋፍ ድማ ሕቶታት ኪሓትት ይኽእል።

ምዕራፍ 3. - ብዙሕነት ተኸራኸርቲ ወገናትን ክስን

ዓንቀጽ 80. - ምጥማር ክሲ

(1) ዝተፈልየ ኣብ ዝተደንገገሉ ኵነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ክሳሲ ኣብ ሓደ መዝገብ ኣብ ልዕሊ ሓደ ተኸሳሲ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ተኸሰስቲ ኻብ ሓደ ንላዕሊ ክሲ ኣጣሚሩ ኸቕርብ ይኽእል።

(2) ኣብ ልዕሊ ሓደ ተኸሳሲ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ተኸሰስቲ ብሓባር ምኽንያት ክሲ ዘሎዎም ከሰስቲ ንኹሎም እቶም ምኽንያታት ብምጥማር ኣብ ሓደ መዝገብ ከቕርብዎም ይኽእሉ።

ዓንቀጽ 81. - ንምምላስ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝተጣመሩ ኽስታት

ብዘይካ እዞም ኣብ ታሕቲ ዝተገልጹ፡ ዝኾነ ኽሲ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንምምላስ ምስ ዚቐርብ ክሲ ኣይጣመርን፤

(ሀ) ነቲ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወይ ንገለ ክፋሉ ብዚምልከት ዝተረኸበ ዘይግቡእ መኽሰብ ወይ ዘይተኸፍለ ክራይ ንምእካብ ዚቐርብ ክሲ፡

(ለ) እቲ ንብረት ወይ ገለ ክፋሉ ዝተታሕዘሉ ዝኾነ ውዕል ብምጥሓሱ ካሕሳ ንምሕታት ዚቐርብ ክሲ፡

(ሐ) እቲ ዝሕተት ዘሎ ዳንነት ካብ ሓደ ምኽንያት ክሲ ዝነቐለ ምስ ዚኸውን።

ዓንቀጽ 82. - ብኣተግባሪ ለበዋ፡ ኣማሓዳሪ ውርሲ፡ ዓቃቢ ንብረት ወይ ወራሲ ወይ ኣንጻሮም ዚቐርብ ክሲ

ከም ኣተግባሪ ለበዋ፣ ኣማሓዳሪ ውርሲ፣ ዓቃብ ንብረት ኾይኑ ዘገልግል ሰብ ወይ ወራሲ ብእኡ ወይ ኣብ ልዕሊኡ ዚቐርብ ክሲ ምስ ብውልቁ ዘቕርቦ ወይ ኣብ ልዕሊኡ ዚቐርብ ክሲ ኺጣመር ኣይፍቀድን። ኣብ ከምዚ ዅነታት ምጥማር ዝፍቐድ እቲ ዳሕረዋይ ክሲ ምስቲ ኣተግባሪ ለበዋ፣ ኣማሓዳሪ ውርሲ፣ ዓቃብ ንብረት ወይ ወራሲ ኰይኑ ከገልግለሉ ዝተመዘዘ ንብረት ዝተኣሳሰር ምስ ዚኸውን ጥራይ እዩ።

<u>ዓንቀጽ 83.- ምጥማር ከሰስቲ</u>

ምስ ሓደ ፍጻመ ወይ ተኸታተልቲ ፍጻመታት ብዝተኣሳሰር፣ ብሓባር ይኹን በብውልቂ ወይ ብኣማራጺ ዳንነት ዝሓቱ ኵሎም ሰባት፣ በበይኖም ክስታት ኣብ ዘቕርብሉ ዅነታት፣ ሓደ ናይ ሓባር ናይ ሕጊ ወይ ክውንቶ ሕቶ ዘልዕሉ ምስ ዚኾኑ፣ ኣብ ሓደ መዝገብ ከም ከሰስቲ ኪጣመሩ ይኽእሉ።

<u>ዓንቀጽ 84.- ምጥማር ተኸሰስቲ</u>

(1) ዝኾነ ካብቶም ንዝሕተት ዳንነት ብሓባር፣ በብውልቂ ወይ ብኣማራጺ ተሓተትቲ ዝኾኑ ሰባት ኣብ ልዕሊኣቶም በበይኑ ክስታት ኣብ ዝቐርበሉ ዅነታት ሓደ ናይ ሓባር ናይ ሕጊ ወይ ክውንቶ ሕቶ ዘልዕሉ ምስ ዚኾኑ፣ ኣብ ሓደ መዝገብ ከም ተኸሰስቲ ኪጣመሩ ይኽእሉ።

(2) ሓደ ክሲ ብኸብ ሓደ ንላዕሊ ዓቃብ ንብረት፣ ኣተግበርቲ ለበዋ ወይ ኣማሓደርቲ ውርሲ ዝመሓደር ንብረት ዝልምከት ምስ ዚኸውን፣ ኵሎም እዞም ሰባት ኣብ ልዕሊ ሓደ ኻብኣቶም ኣብ ዚቐርብ ክሲ ተጣሚሮም ይቐርቡ።

(3) ከሳሲ፣ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ካብ ሰፈርቲ ናጻ ኰይኑ ኪምለሰሉ ኣብ ዝኸሰሉ ዅነታት እቶም ሰፈርቲ መሰሎም ብዘየገድስ ከም ተኸሰስቲ ተጣሚሮም ይቐርቡ።

(4) ከሳሲ ነቲ ዘቕርቦ ዘሎ ኽሲ ተሓታቲ ዚኸውን ሰብ መን ምዃኑ ኣብ ዝጠራጠረሉ ዅነታት፣ ካብቶም ተኸሰስቲ መኖም እዩ ተሓታቲን ክሳዕ ክንደይ እዩ ዚሕተት ዝብሉ ሕቶታት ንምውሳን ምእንቲ ኪከኣል፣ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ተኸሰስቲ ኣብ ሓደ መዝገብ ተጣሚሮም ኪቐርቡ ይኽእሉ።

(5) ነፍስ-ወከፍ ተኸሳሲ ኣብ ዝኾነ ኽሲ ብዚሕተቱ ኵሎም ዳንነት ዚግደስ ኪኸውን ናይ ግድን ኣይከውንን።

<u>ዓንቀጽ 85.- ግዱድ ምጥማር ተኸራኸርቲ ወገናት</u>

(1) ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ክሲ ምጥማሩ ቤት ፍርዲ ነቲ ጕዳይ ንምድናይ ዘሎዎ ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ዘየሕድግ ምስ ዚኸውን፣ ኣብዞም ዚስዕቡ ዅነታት ከም ተኸራኻሪ ወገን ይጣመር፤

(ሀ) እቲ ሰብ ኣብቲ መዝገብ ምስ ዘይህሉ፣ ኣብ መንጎ እቶም ድሮ ኣብቲ ኽሲ ተኸራኸርቲ ወገናት ኰይኖም ዘለው ውዱእ ፍርዲ ኪውሃብ ኣብ ዘይከኣለሉ ዅነታት፣

(ለ) እቲ ሰብ ምስ ትሕዝቶ ናይቲ ኽሲ ዚዛመድ ረብሓ ምህላዉ ምስ ዚሓትት እሞ ንሱ ኣብ ዘየለወሉ ግዜ ነቲ ኽሲ ምውጋን ነቲ ረብሓ ንምክልኻል ዘሎዎ ኣኽእሎ ኪጎድእ ወይ ኪዓግት ኣብ ዚኽእለሉ ዅነታት ወይ ብሰንኪ እቲ ረብሓ ኣብ ዝኾነ ካብቶም ድሮ ተኸራኸርቲ ወገናት ኰይኖም ዘለዉ ሰባት ድርብ፣ ድርብራብ ወይ ተገራጫዊ ግዴታ ዘስዕብ ዓብዪ ሓደጋ ኣብ ዚህልወሉ ዅነታት።

(2) እቲ ኽምዚ ዝበለ ሰብ ገና ኣብ መዝገብ ዘይተጣመረ ምስ ዚኸውን፡ ቤት ፍርዲ ኣብ መዝገብ ኪኣቱ ትእዛዝ ይህብ። እቲ ብኸምዚ ኣገባብ ዝተጣመረ ወገን ኣብ ልዕሊ ስልጣን ቤት ፍርዲ ተቓውሞ ምስ ዘቕርብ እሞ ኣብቲ ጕዳይ ምእታው ነቲ ቤት ፍርዲ ስልጣን ከም ዘይህልዎ ዚገብሮ ምስ ዚኸውን፡ እቲ ወገን ኻብቲ መዝገብ ይእለ።

(3) ኣብ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ከም ዝተገልጸ ዝኾነ ሰብ ኣብቲ መዝገብ ዘይተጣመረ ምስ ዚኸውን፡ ከሳሲ ብዛዕብኡም ኣፍልጦ ምስ ዚህልዎ፡ ዝርዝር ኣስማቶምን ኣብቲ ጕዳይ ዘይመእተዊኦም ምኽንያትን ኣብ ክሱ ይገልጽ።

<u>ዓንቀጽ 86. - ኣንጻር ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝተጸንበሩ ወይ ንረብሓኦም ዝተዋህበ ፍርዲ</u>

ኣብ ዓንቀጽ 91 ዝሰፈረ ብዘየገድስ ቤት ፍርዲ ኣብዞም ዚስዕቡ ዅነታት፡ ውሳነ ኺህብ ይኽእል፤

(ሀ) ዳንነት ዚግብኦም ኰይኖም ኪርከቡ ዝተኻእሉ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ከሰስቲ፡ እቲ ዚግብኦም ዳንነት ብምሃብ፡ ወይ

(ለ) ብግዴታ ተሓተትቲ ኰይኖም ኪርከቡ ዝተኻእሉ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ተኸሰስቲ ከከም ተሓታትነቶም ከም ዚዓድዩ ብምግባር።

<u>ዓንቀጽ 87. - ሳልሳይ ኣካል ተኸሳሲ</u>

(1) ሓደ ተኸሳሲ ኣብቲ ክሲ ካብ ዘይኣተወ ዝኾነ ኻልእ ሰብ ኣበርክቶ ወይ መተኣማመኒ ናይ ምርካብ መሰል ከም ዘሎዎ ምስ ዚሓትት፡ እቲ ሳልሳይ ኣካል ስለምንታይ ኣበርክቶ ወይ መተኣማመኒ ናይ ምሃብ ተሓታትነት ከም ዘሎዎን ናይ ተሓታትነቱ መጠን ኣብ መከላኸሊ መልሱ ብምግላጽ፡ እቲ ኽምዚ ዝመሰለ ሰብ ኣብቲ መዝገብ ከም ተኸራኻሪ ኰይኑ ኪኣቱ ብቤት ፍርዲ ትእዛዝ ኪወሃብ ከመልክት ይኽእል።

(2) እቲ ምልክታ ቅቡል ኣብ ዝኾነሉ ዅነታት፡ እቲ ሳልሳይ ኣካል ቅዳሕ ክስን መልስን ከምኡውን ቤት ፍርዲ ኣብ ዚወስኖ መዓልቲ ቈጸራ ኪቐርብ መጸዋዕታ ይልኣኸሉ፡ ብድሕርዚ ሳልሳይ ኣካል ተኸሳሲ፡ ምስ ተኸሳሲ ኣብ ተመሳሳሊ ዅነታት ከም ዘሎ ይቝጸር።

(3) ኣብ መንጎ ተኸሳስን ሳልሳይ ኣካል ተኸሳስን ዚህሉ ክርክር ቤት ፍርዲ ብዝእዝዞ ኣገባብ ይዳነ።

(4) ሓደ ተኸሳሲ ኣብቲ ክሲ ከም ተኸሳሲ ኰይኑ ድሮ ካብ ዝኣተወ ዝኾነ ኻልእ ተኸሳሲ ኣበርክቶ ወይ መተኣማመኒ ናይ ምርካብ መሰል ኣሎኒ ምስ ዚብል፡ ንኸሳሲ ኣንጻር ዝኾነ ተኸሳሲ ዝህልዎ ረብሓ ብኣሉታ ኣብ ዝጸልወሉ ዅነታት እንተ ዘይኰይኑ ድንጋገታት ናይዚ ዓንቀጽ ብም'ምስሳል ተፈጻምነት ይህልዎም።

(5) ኣንጻር ከሳሲ ናይ ተኸሳስነት ክሲ ምስ ዚቐርብ እቲ ከሳሲ፡ ከምቲ ተኸሳሲ ኣብ ትሕትዚ ስርዓት ኪገብሮ ዝኽእል፡ ሳልሳይ ኣካል ተኸሳሲ ኣብ መዝገብ ከም ዝኣቱ ኪገብር ይኽእል።

<u>ዓንቀጽ 88. - ዘየግቡእ ምጥማር ወይ ዘይጥማር</u>

(1) ሓደ ክሲ ተኸራኸርቲ ወገናት ብዘይ ግቡእ ብምጥማሮም ወይ ብዘይ ምጥማሮም ኣይዕጾን፡ ቤት ፍርዲ ድማ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ጉዳይ፡ ብጭቡጥ ኣብቲ መዝገብ ናይ ዝኣተው ተኸራኸርቲ ወገናት መሰላትን ረብሓን ብዚምልከት ነቲ ዘከራኸር ጉዳይ ኪርኢ ይኽእል።

(2) ናይ መቃወሚ ምኽንያት ብድሕሪኡ ኣብ ዝተላዕለሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ንዘይግቡእ ምጥማር ወይ ዘይምጥማር ምኽንያት ብምግባር ዝቐርብ ተቓውሞ ኣብ ዝቐደመ ዝከኣል ኣጋጣሚ፡ ሕቶታት ብዕርቂ ኣብ ዝውድእሉ ኹነታት ድማ ኣብ ግዜ ዕርቂ ወይ ቅድሚኡ ይለዓል። ብኸምዚ ዘይተላዕለ ዝኾነ ተቓውሞ ከም ዝተገድፈ ይቑ'ጸር።

<u>ዓንቀጽ 89. - ጣልቃ ምእታው</u>

(1) ኣብ መንጎ ካልኦት ወገናት ኣብ ዝተኸፍተ ክሲ ረብሓ ኣሎኒ ዝብል ዝኾነ ሰብ ውሳነ ቅድሚ ምውሃቡ ኣብ ዘሎ ዝኾነ እዋን ጣልቃ ኪኣቱ ይኽእል። ናይ ኣመልካቲ ረብሓ በቶም ዝጸንሑ ተኸራኸርቲ ወገናት ብእኹል ደረጃ ዝተወከለ ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ እቲ ጣልቃ ምእታው ብሕጊ ኣብ ዝተዋህበ መሰል ዝተመርኰሰ ምስ ዚኸውን ወይ ኣመልካቲ ምስ ክርክር ናይቶም ቀንዲ ተኸራኸርቲ ወገናት ዝተኣሳሰረ ረብሓ ምስ ዚህልዎ እሞ ኣብቲ መዝገብ ዝወሃብ ውሳነ ንረብሓ ኣመልካቲ ዝሃሲ ወይ ረብሓኡ ካብ ምክልኻል ዝዓግት ምስ ዚኸውን ጣልቃ ምእታው ይፍቐድ።

(2) ጣልቃ ምእታው፡ ጣልቃ ኣታዊ ኣብቲ ጉዳይ ንክኣቱ ዘኽእሉ ምኽንያታት ብምዝርዛር ዝተፈልየ ምልክታ ብምቕራብ ይፍጸም።

(3) ጣልቃ ምእታው ኣብ ዝተፈቐደሉ ኹነታት፡ ቅዳሕ ክስን መልስን ንጣልቃ ኣታዊ ይልኣኸሉን ተኸራኸርቲ ወገናት ቅዳሕ ናይቲ ብጣልቃ ኣታዊ ዝቐረበ ምልክታ ክሳዕ ዚበጽሖም ድማ እቲ መስርሕ ዳንነት ይውንዘፍ።

(4) ብጕድለት ጣልቃ ኣታዊ ቅዳሕ ናይቲ ብእኡ ዝቐረበ ምልክታ ንተኸራኸርቲ ወገናት ኣብቲ ብቤት ፍርዲ ዝተወሰነ ግዜ ምስ ዘይበጽሕ፡ ጣልቃ ኣታዊ ከም ዘንሰሓበ ይቑ'ጸር።

<u>ዓንቀጽ 90. - ምጥርናፍ መዛግብቲ</u>

(1) ሓደ ዓይነት ወይ ተመሳሳሊ ናይ ሕጊ ወይ ክውንቶ ሕቶታት ዘሎዎም ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ክሲ ወይ ይግባይ ኣብ መንጎ ሓደ ዓይነት ወገናት ኣብ ሓደ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝህልወሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ ብተበግሶኡ ወይ ብኣመልካትነት ናይ ዝኾነ ካብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ቅኑዕ ብዝመስሎ ኣገባብ እቶም መዛግብቲ ኪጥርነፉ ኪእዝዝ ይኽእል።

(2) ሓደ ዓይነት ወይ ተመሳሳሊ ናይ ሕጊ ወይ ክውንቶ ሕቶታት ዘሎዎም ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ናይ ክሲ ወይ ይግባይ ጉዳያት ኣብ መንጎ ሓደ ዓይነት ወገናት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ዝህልውሉ ኹነታት፡ ወይ ኣብ መንጎ ሓደ ዓይነት ወገናት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ፍርዲ ዝርከቡ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ክርክራት ብቐረባ ዝተኣሳሰሩ ካብ ምኻኖም ዝተላዕለ ብግቡእ በበይኖም ክትውስኖም ዘይከኣል ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ ኣብ ዝኾነ ካብቶም ኣብያተ ፍርዲ መርትዖ ቅድሚ ምስምዑ፡ ዝኾነ ካብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት እቶም መዛግብቲ ንክጥርነፉ ትእዛዝ ንኪወሃብ ከመልክት ይኽእል።

(3) ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (2) ዚግበር ምልክታ፡ እቲ ኽርክር ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ንታሕቲ ኣብ ዘለዉ ኵሎም ኣብያተ ፍርዲ ዝካየድ ምስ ዚህሉ፡ ናብ

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፡ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ናይቲ ጉዳያት ዝኻየድሉ ዘለው ኣብያተ ፍርዲ ክፋል ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ምስ ዚኸውን ድማ ናብ ርእሰ-ኣብያተ ፍርዲ ይቐርብ።

(4) እቲ ጉዳይ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ ዘለው ኣብያተ ፍርዲ ዚርአ ምስ ዚህሉ፡ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ (2) ዚቐርብ ምልክታ፡ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይቐርብ፡ ነቲ ጉዳይ ዚርእያ ዘለዋ ኣብያተ ፍርዲ ኵለን ወይ ሓዲኣን ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዚርከባ መጋባእያታት ምስ ዚኾና፡ እቲ ምልክታ ናብ ርእሰ-ኣብያተ ፍርዲ ይቐርብ።

<u>*ዓንቀጽ* 91. - *በበይኑ መስርሕ ዳንነት*</u>

*ኣብ ሓደ መዝገብ ካብ ሓደ ንላዕሊ ምኽንያታት ክሲ ምስ ዚቐርቡ ወይ ብዙሓት ተኸራኸርቲ ወገናት ኣብ ዝህልውሉ ግዜ፡ እቶም ክስታት ዘየድሊ ዋጋ፡ ምድንጓይ፡ ሃስያ ወይ ዘይምቹእነት ከየስዓብካ ብሓደ ኪትፈርዱም ወይ ኪትውግኖም ዘይከኣል ኣብ ዝኾነሉ ግዜ፡ ቤት ፍርዲ ተፈላልዮም ኪርኣዩ ኪእዝዝ ይኽእል።*

<u>*ዓንቀጽ* 92. - *ንሓደ ጕጅለ ወይ ንህዝቢ ብዚምልከት ዚቐርብ ክሲ*</u>

*ንዘይቅኑዕ መዐቀኒታትን ኵነታትን ብዚምልከት ንሓደ ጕጅለ ወይ ንህዝቢ ወኪልካ ዚቐርብ ክሲ፡ ብመሰረት ዚምልከቶ ድንጋገታት ሲቪላዊ ሕጊ ኪምስረት ይከኣል።*

<u>*ምዕራፍ* 4. - *ምትካእ፡ ምውሳኽን ውርስን*</u>

<u>*ዓንቀጽ* 93. - *ምትካእን ምውሳኽን ተኸራከርቲ ወገናት*</u>

(1) ቤት ፍርዲ ሓደ ክሲ ብጌጋ ብስም ካልእ ሰብ ከም ከሳሲ ከም ዝተመስረተ ኣብ ዘረጋግጸሉ ኵነታት፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ንሱ ብዝውስኖ ኣገባብ ካልእ ሰብ ከም ከሳሲ ኪትካእ ወይ ኪውሰኽ ኪእዝዝ ይኽእል።

(2) ቤት ፍርዲ፡ ብተበግሶኡ ወይ ብኣመልካትነት ናይ ዝኾነ ካብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት፡ ኣብ ዝኾነ ግዜን ንሱ ብዝውስኖ ኵነታትን፡ ብጌጋ ኣብቲ ኽርክር ናይ ዝተጣመረ ዝኾነ ወገን ስም ክስረዝ፡ ከም ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ኪጣመር ናይ ዝነበሮ ዝኾነ ሰብ ስም ድማ ኪውሰኽ ኪእዝዝ ይእኽል። እንተ ኾነ፡ ኣብ ትሕትዚ ንኡስ ዓንቀጽ ዝኾነ ሰብ ብዘይ ፍቃዱ ከም ከሳሲ ኣይጣመርን።

(3) ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ኣብ ዝተወሰኸሉ ኵነታት ቤት ፍርዲ ዝተፈልየ መምርሒ ኣብ ዝሃበሉ ኵነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ እቲ ኽስን መልስን ድሮ ቀሪቡ እንተ ኾይኑ ብእኡ መሰረት ይመሓየሽ እሞ ነቲ ሓድሽ ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ፡ ከምኡውን ቤት ፍርዲ ኣድላዪ ኾይኑ ምስ ዚረኽቦ ነቲ ነባር ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ቅዳሕ ከም ዚወሃቦም ይግበር።

<u>*ዓንቀጽ* 94. - *ተኻራኻሪ ወገን ናይ ምኽን ብቕዓት ምጥፋእ*</u>

(1) ሓደ ወገን ኣብ ሓደ ጕዳይ ተኻራኻሪ ወገን ናይ ምኺን ብቕዓቱ ኣብ ዘጥፍኣሉ ኵነታት፡ ቤት ፍርዲ ምልክታ ምስ ዚቐርበሉ ብሕጋዊ ወኪል ከም ዝትካእ ይገብር።

(2) እቲ ሕጋዊ ወኪል ኣብቲ ጕዳይ ቅድሚ ምእታው ዝተፈጸመ ኵሉ ተግባራት፡ ነቲ ተኻራኻሪ ወገን ብዝቕይድ ደረጃ ነቲ ወኪልውን ቀያዲ ይኸውን።

(3) ድሕሪ ምጥፋእ ብቕዓት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ዝኾነ ምልክታ ምስ ዘይቀርብ፡ ነቲ ተኻራኻሪ ወገን ብዚምልከት እቲ ኽርክር

ትሩፍ ይኸውን፣ ቤት ፍርዲ ድማ ንዝገብሮ ወጻኢታት ክሳራ ኪኸፈሎ ኪእዝዝ ይኽእል።

ዓንቀጽ 95. - ምትካእ

(1) ወኪል፣ ጠበቓ ወይ ሕጋዊ ተጸዋዒ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ኣብ ክንድቲ ተኸራኻሪ ወገን ኪፍጽም ዘይክእል ምስ ዚኸውን ወይ ውክልንኡ ምስ ዘቋርጽ እቲ ተኸራኻሪ ወገን ብኻልእ ኪትክእ ይኽእል።

(2) ወኪል፣ ጠበቓ፣ ተርጓሚ ወይ ሕጋዊ ተጸዋዒ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ እሩም ጠባይ ምስ ዘየርኢ ወይ ኣብ ክንድቲ ተኸራኻሪ ወገን ብዘይ ግቡእ ምስ ዚፍጽም፣ እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝኾነ ግዜ ንኺትካእ ኪእዝዝ ይኽእል። ወኪል ኣብ ዚትከኣሉ ግዜ ቤት ፍርዲ ናይቲ ዝምልከቶ ወገን ፍታው ኪረክብ ይግብኦ።

ዓንቀጽ 96. - ምውራስ

(1) ብከም ሞት፣ ምጽንባር ሃብቲ፣ ምምሕልላፍ ናይ ክሲ ወይ ዕዳ ዝመስል ምኽንያታት ሓደ ኻብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ነቲ ኣብ ክርክር ዘሎ ሕጋዊ ዝምድናታት፥ ከም ዘብቅዕ ኣብ ዝገበረሉ ኵነታት፣ ቤት ፍርዲ ምልክታ ምስ ቀረበሉ ኣብ ውሳነኡ ብምጥቃስ ነቲ ወገን እቲ ብሕጋዊ ወራሲኡ ይትክኦ። ከምዚ ዝመስል ምውርራስ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ናይቲ ዳንነት ፍቑድ ይኸውን።

(2) እቲ ሕጋዊ ተካኢ ኣብቲ ጕዳይ ቅድሚ ምእታው ዝተፈጸመ ኵሉ ተግባራት፣ ነቲ ዝተተከአ ወገን ብዝቕይድ ደረጃ ነቲ ተተካኢውን ቀያዲ ይኸውን።

(3) ድሕሪ ሞት ናይ ሓደ ተኸራኻሪ ወገን ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ዝኾነ ምልክታ ምስ ዘይቀርብ፣ ነቲ ተኻራኻሪ ወገን ብዚምልከት እቲ ኽርክር ትሩፍ ይኸውን፣ ቤት ፍርዲ ድማ ንዝገብሮ ወጻኢታት ክሳራ ክእዝዝ ይኽእል።

ዓንቀጽ 97. - መሰል ምኽሳስ ኣብ ግዜ ሞት መሻርኽቲ

(1) ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ሰባት ብስም ሓደ ሽርክና ኣብ ዝኸስሉ ወይ ኣብ ዝኽሰሱ ኵነታት እሞ፣ እቲ ኽሲ ቅድሚ ምምስራቱ ወይ ኣብ መስርሕ እናሃለወ ሓደ ኻብኣቶም ምስ ዚመውት፣ ሕጋዊ ወኪል ናይቲ መዋቲ ከም ተኸራኻሪ ወገን ኣብቲ ክሲ ምእታው ኣድላዪ ኣይከውንን።

(2) ዝኾነ ኣብ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ዝተገልጸ፣ ሕጋዊ ወኪል መዋቲ ነዞም ዚስዕቡ ብዚምልከት ዝህልዎ ዝኾነ መሰላት ኪድርት ወይ ኪትንክፍ ኣይክእልን፣

(ሀ) ኣብቲ ኽሲ ከም ተኸራኻሪ ንኺኸውን ካብ ምምልካት፣ ወይ

(ለ) ኣንጻር እቲ ብህይወት ዝተረፈ ወይ እቶም ዝተረፉ ዝኾነ ኽሲ ካብ ምቕራብ።

ዓንቀጽ 98. - ንሕጋውያን ወከልቲ ዝምልከት ሕቶታት

ቤት ፍርዲ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሕጋዊ ኽርክር ተኻራኻሪ ወገን ናይ ምዃን ብቕዓቱ ናይ ዘጥፍአ ሰብ ሕጋዊ ወኪል ምዃኑን ዘይምዃኑን ይውስን፣ ከምኡውን ኣብ ክንድኡ ኹይኑ ንሃብቱ ዘማሓድር ወኪል ኪምዝዝ ይኽእል።

ዓንቀጽ 99. - ጕዳይ ድሕሪ ምስምዑ ዘጋጥም ሞት ወይ ምጥፋእ ብቕዓት

ኣብ መንጎ ምው'ዳእ መስርሕ ምስማዕ ክስን ውሳነን ኣብ ዘሎ ግዜ ብምኽንያት ምጥፋእ ብቕዓት ናይ ተኸራኻሪ ወገን ክርክር ትሩፍ ኣይከውንን። እቲ ውሳነ ድማ ልክዕ ቅድሚ ምጥፋእ ብቕዓት ከም ዝተዋህበ ውሳነ ሓደ ዓይነት ሓይልን ተፈጻምነት ይህልዎ።

ዓንቀጽ 100. - ዕዳ ኽትከፍል ዘይምኽኣል

(1) መሰል ዝተመሓላለፈሉ ወይ ተቐባሊ ወገን ንረብሓ ኣወድቱ ኪብል ኪቕጽሎ ዚኽእል ናይ ሓደ ተኻራኻሪ ወገን ዕዳ ክትከፍል ዘይምኽኣል፣ እቲ መሰል ዝተመሓላለፈሉ ወይ ተቐባላይ ወገን ነቲ ኽርክር ምቕጻል ኣብ ዝገደፈሉ ኹነታት ወይ ቤት ፍርዲ ነቲ ወጻኢታት ውሕስነት ንምግባር ብዝኾነ ፍሉይ ምኽንያት ዝተፈልየ መምርሒ ኣብ ዝሃበሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፣ እቲ ኽርክር ንኺተርፍ ጠንቂ ኣይከውንን።

(2) መሰል ዝተመሓላለፈሉ ወይ ተቐባሊ ወገን ነቲ ኽርክር ምክትታልን ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተኣዘዘ ግዜ ውሕስነት ምቕራብ ሸለል ምስ ዚብል ወይ ምስ ዚኣቢ፣ እቲ ኻልእ ተኻራኻሪ ወገን ብምኽንያት ዕዳ ኽትከፍል ዘይምኽኣል እቲ ኽርክር ንኪዕጾ ከመልክት ይኽእል። ቤት ፍርዲ ድማ ነቲ ኽርክር ኪዓጽዎን እቲ ኻልእ ወገን ንዝገበሮ ወጻኢ ካብ ንብረት ናይቲ ሓደ ወገን ንኬምልሶ ክሳራ ክእዝዝ ይኽእል።

(3) እዚ ዓንቀጽ ንምፍጻም ውሳነ፣ ፍርዲ ወይ ትእዛዝ ዚካየድ ናይ ኣፈጻጽማ ዳንነት ተፈጻምነት ኣይህልዎን።

ዓንቀጽ 101. - ሳዕቤን ምትራፍ ወይ ምዕጻው መዝገብ

(1) ሓደ ክሲ ብመሰረት ድንጋገታት ናይዚ ምዕራፍ ትሩፍ ምስ ዚኸውን ወይ ምስ ዚዕጾ፣ በቲ ዝተረፈ ወይ ዝተዓጽወ ምኽንያት ክሲ ሓድሽ ክሲ ኪቕርብ ኣይክእልን።

(2) ወኪል፣ ወራሲ፣ መሰል ዝተመሓላለፈሉ ወይ ተቐባሊ ናይ ዕዳኡ ምኽፋል ዝሰኣነ ተኸራኻሪ ወገን፣ እቲ ጕዳይ ትሩፍ ካብ ዝኾነሉ ወይ ዝተዓጽወሉ ግዜ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ እቲ ምትራፍ ወይ ምዕጻው ንኺለዓል ትእዛዝ ኪወሃብ ከመልክት ይኽእል።

(3) ኣመልካቲ ነቲ ጕዳይ ከይከታተሎ ብዝኾነ ብቑዕ ምኽንያት ከም ዝተዓገተ ብመርትዖ ምስ ዚረጋገጽ፣ ቤት ፍርዲ ቕኑዕ ኰይኑ ዝተራእዮ ኽሳራ ወይ ካልኦት ነገራት ብምእዛዝ ነቲ ምትራፍ ወይ ምዕጻው ናይቲ ጕዳይ የልዕሎ።

ምዕራፍ 5. - ምቕራብ ተኸራኸርቲ ወገናት፣ ዘይምቕራብ፣ ተኸራኻሪ ወገን ብዘይ ምቕራቡ ኣንጻሩ ዚወሃብ ውሳነን ተቓውሞን

ዓንቀጽ 102. - ብኣካል ምቕራብ ግድነት ኣይኰነን

(1) ኣብ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ዚግበር ዝኾነ ሕጋዊ ተግባር በቲ ተኸራኻሪ ወገን ብኣካል ኪግበር ግድነት ኣይከውንን፣ እቲ ኽርክር ብግቡእ ንኺውሰን እቲ ሕጋዊ ተግባር በቲ ተኸራኻሪ ወገን ብኣካል ኪግበር ኣድላዪ ምዃኑ ተኣሚንሉ ብቤት ፍርዲ እንተ ዘይተኣዚዙ ብመሰረት እዚ ኣርእስቲ ኪግበር ይከኣል።

(2) ኮሚሽነር፣ ውሽጣዊ መርማሪ፣ ክኢላ ወይ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ዚፍጽም ዝኾነ ብዓል መዚ፣ ብቤት ፍርዲ ዝተዋህበ ስራሓት ኣብ ዚፍጽመሉ ግዜ፣ ዘይምህላው ናይ ዝኾነ ተኻራኻሪ ወገን ስርሑ ካብ ምፍጻም ኣይዓግቶን።

**ዓንቀጽ 103. - ምቕራብ ሓደ ኻብ ብዙሓት ከሰስቲ ወይ ተኸሰስቲ**

ኣብ ሓደ መዝገብ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ከሰስቲ ወይ ተኸሰስቲ ኣብ ዝህልውሉ ግዜ፡ ኣብ ክንድኦም ንኺፍጽም ንሓደ ክውክሉ ይኽእሉ፡ እቲ ዚወሃብ ውክልና ብጽሑፍ ዝግበር ኰይኑ ብወካሊ ድሕሪ ምፍራሙ ምስ መዝገብ ይተሓሓዝ።

**ዓንቀጽ 104. - ምቕራብ ኣባላት ሽርክና**

(1) ብስም ትካል ዝተኸሰሱ መሻርኽቲ ነፍስ-ወከፎም ንገዛእ ርእሱ ወኪሉ ይቐርብ፡ እንተ ዀነ ኵሉ ዚቕጽል ዳንነት ብስም ሽርክና ይቕጽል።

(2) ነቲ ሽርክና ዚቈጻጸር ወይ ዘካይድ ሰብ መጸዋዕታ ምስ ዚበጽሖ፡ ኣባል ናይቲ ሽርክና ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ ነቲ ጕዳይ ክከታተል ንቤት ፍርዲ ኪቐርብ ኣድላዪ ኣይከውንን።

(3) ከምዚ ዝመስል መጸዋዕታ ዝበጽሖ ዝኾነ ሰብ መሻርኽቲ ከም ዘይኰነ ብምሕባር ንኺቃወም ኪቐርብ ይኽእል። እንተ ዀነ፡ ከምዚ ዝመስል ምቕራብ ከሳሲ ነቲ ሽርክና መጸዋዕታ ካብ ምብጻሕን ኣባል ሽርክና ብዘይ ምቕራቦም ኣብ ልዕሊ እቲ ሽርክና ውሳነ ካብ ምርካብን ኣይዓግቶን።

**ዓንቀጽ 105. - ገለ ሰባት ኪቐርቡ ናይ ምግዳድ ስልጣን**

(1) ቤት ፍርዲ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ናይቲ ኽርክር፡ ሰክረታሪ ወይ ዝኾነ ዳይረክተር ወይ ምስቲ ጕዳይ ዝተኣሳሰሩ ሕቶታት ኪምልሽ ዚኽእል ካልእ ናይቲ ሕጋዊ ሰብነት ዘሎዎ ኣካል ቀንዲ ብዓል መዚ ብኣካል ኪቐርብ ኪእዝዝ ይኽእል።

(2) ወዳእ ነገር መንግስቲ፡ ብወገን መንግስቲ ምስቲ ጕዳይ ዝተኣሳሰሩ ሕቶታት ኪምልሽ ብዝኽእል ዝኾነ ሰብ ከይተሰነየ ምስ ዚቐርብ፡ ቤት ፍርዲ እቲ ኸምዚ ዝመስል ሰብ ኪቐርብ ኪእዝዝ ይኽእል።

**ዓንቀጽ 106. - ተኸራኸርቲ ወገናት ኪቐርቡ ከም ዚግብኦም፤ ዘይምቕራብ ክልቲኣቶም ወገናት**

(1) እቲ ጕዳይ ኪስማዕ ኣብ ዝተቘጽረሉ ዕለት፡ ተኸራኸርቲ ወገናት ብኣካል ወይ ብወከልቶም ወይ ብጠበቓኦም ኣቢሎም ይቐርቡን እቲ ጕዳይ ድማ ይስማዕ።

(2) እቲ ጕዳይ ኪስማዕ ኣብ ዝጽዋዓሉ እዋን ክልቲኣቶም ወገናት ከይቀረቡ ምስ ዝተርፉ፡ ቤት ፍርዲ እቲ ኽሲ ኪስረዝ ይእዝዝ። እቲ ጕዳይ ይግባይ ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት ድማ እቲ ይግባይ ይዕጾ።

**ዓንቀጽ 107. - ተኸሳሲ ምስ ዘይቀርብ**

(1) እቲ ጕዳይ ኪስማዕ ኣብ ዝተጸወዓሉ ግዜ ከሳሲ ቐሪቡ ተኸሳሲ ከይቐረበ ምስ ዝተርፍ እሞ፡
 (ሀ) ተኸሳሲ መጸዋዕታ ብግቡእ ከም ዝበጽሖ ምስ ዚረጋገጽ፡ እቲ ጕዳይ ንሱ ኣብ ዘየለወሉ ይስማዕ።

 (ለ) መጸዋዕታ ብግቡእ ከም ዝበጽሖ ምስ ዘይረጋገጽ፡ ቤት ፍርዲ ንተኸሳሲ ኻልኣይ መጸዋዕታ ኪለኣኽሉ ይእዝዝ፡

(ሐ) ተኸሳሲ መጸዋዕታ ዚበጽሖ ኣብ ዕለት ቈጸራ ንኺቐርብ እኹል ግዜ ኣብ ዘይህብ ኵነታት ምኽንያት ምስ ዚረጋገጽ፡ ቤት ፍርዲ ነቲ ጕዳይ ንኻልእ መዓልቲ ኪቈጽሮ ይኽእል፡ ከምኡውን

(መ) መጸዋዕታ ናብ ተኸሳሲ ወይ ዝኾነ ካብ ተኸሳሲ ዘይበጽሖ ብሸለልትነት ወይ ብጕድለት ከሳሲ ምኽንያት ምስ ዚረጋገጽ፡ ቤት ፍርዲ ነቲ ጕዳይ ኪቈጽሮ ወይ ነቲ መጸዋዕታ ዘይበጽሖ ተኸሳሲ ብዚምልከት ነቲ ኽሲ ኪሰርዞ ወይ እቲ ጕዳይ ይግባይ ምስ ዚኸውን፡ ነቲ መጸዋዕታ ዘይበጽሖ ወሃቢ መልሲ ብዚምልከት ነቲ ይግባይ ኪዓጽዎ ይኽእል።

(2) መጸዋዕታ ናብ ተኸሳሲ ወይ ወሃቢ መልሲ ዘይበጽሐ ክነሱ፡ እቲ ኽሲ ወይ ይግባይ ኪሰማዕ ኣብ ዝተጸወዓሉ ግዜ፡ እቲ ተኸሳሲ ወይ ወሃቢ መልሲ ብኣካል፡ ብወኪል ወይ ብጠበቓ ምስ ዚቐርብ፡ ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1)(መ) ክሲ ንምስራዝ ወይ ይግባይ ንምዕጻው ትእዛዝ ኣይወሃብን።

ዓንቀጽ 108. - ሳዕቤን ምዕጻው ጕዳይ

(1) ሓደ ክሲ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ 106 (2) ን 107 (1) (መ)ን ኣብ ዝሰረዘሉ እዋን ከሳሲ ክፍሊት ዳንነት ብምኽፋል ሓድሽ ክሲ ኪምስርት ይኽእል።

(2) ከሳሲ ኪቐርብ ዘይከኣለ ብብቑዕ ምኽንያት ምንባሩ ንቤት ፍርዲ ምስ ዘረድእ፡ ቤት ፍርዲ ንኸሳሲ ዳግም ክፍሊት ዳንነት ካብ ምኽፋል ናጻ ዝገብር ትእዛዝ ብምሃብ ነቲ ጕዳይ ንምስማዕ ቈጸራ ኪገብር ይኽእል።

ዓንቀጽ 109. - ምቕራብ ተኸሳሲ ኣብ ዚቕጽል ቈጸራ

ቤት ፍርዲ፡ ተኸሳሲ ኣብ ዘይብሉ መዝገብ ንክስማዕ ትእዛዝ ዝሃበሉ መዝገብ ብቈጸራ ምስ ዚመሓላለፍ እሞ እቲ ተኸሳሲ ኣብ መዓልቲ ቈጸራ ወይ ቅድሚኡ ብምቕራብ፡ ኣቐዲሙ ኪቐርብ ዘይከኣለ ብብቑዕ ምኽንያት ምኻኑ ምስ ዘረድእ፡ ቤት ፍርዲ ንኽሳሩ ይኹን ካልእ ነገራት መምርሒ ድሕሪ ምሃብ ተኸሳሲ ኣብቲ ዕለት ቈጸራ ቐሪቡ ከም ዝነበረ ተቘጺሩ መልሲ ከቕርብ ኪፈቅድ ይኽእል።

ዓንቀጽ 110. - ዘይምቕራብ ከሳሲ

እቲ ጕዳይ ኪስማዕ ኣብ ዝተቘጽረሉ ዕለት ተኸሳሲ ቐሪቡ ከሳሲ ምስ ዘይቀርብ፡ ቤት ፍርዲ እቲ ኽሲ ኪዕጸ ይእዝዝ። እንተ ኾነ ግን፡ ተኸሳሲ ነቲ ዝቐረበሉ ክሲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ኣብ ዝኣምነሉ ኵነታት፡ ብመሰረት እምነት ተኸሳሲ ቤት ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ተኸሳሲ ውሳነ የሕልፍ፡ ተኸሳሲ ነቲ ኽሲ ብኸፊል ምስ ዚኣምነሉ፡ ነቲ ዘይትኣምነሉ ክፋል ብምዕጻው ብኸፊል ውሳነ ይወሃብ።

ዓንቀጽ 111. - ሳዕቤናት ምዕጻው

(1) ሓደ ክሲ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ 110 ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ምስ ዚዕጾ፡ ወይ ሓደ ይግባይ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ 106(2)፡ 107(1)(መ)ን 110ን ምስ ዚዕጾ፡ ከሳሲ በቲ ምኽንያት ክሲ ሓድሽ ክሲ ኪምስርት ኣይክእልን።

(2) ኣብ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ዝሰፈረ ድንጋገ ከሳሲ እቲ ኽሲ ድሕሪ ምዕጻዉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ናይ ምዕጻው ትእዛዝ ንኺለዓለሉ ካብ ምምልካት ኣይዓግቶን። ከሳሲ ኣቐዲሙ ኪቐርብ ዘይከኣለ ብብቑዕ ምኽንያት ምኻኑ ምስ ዘረድእ፡ ቤት ፍርዲ ንኽሳሩ ይኹን ካልእ ነገራት መምርሒ ድሕሪ ምሃብ ነቲ ናይ ምዕጻው ትእዛዝ ከም ዚለዓል ይገብርን ነቲ ኽሲ ምርኣዩ ንምቕጻል ቈጸራ ይሰርዕ።

## ዓንቀጽ 112. - ዘይምቕራብ ሓያሎ ተኸራኸርቲ ወገናት

(1) ካብ ሓያሎ ከሰስቲ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ምስ ዘይቐርቡ፡ ቤት ፍርዲ ብኣመልካትነት ናይቶም ዝቐረቡ ከሰስቲ፡ እቲ ኽሲ ኵሎም ከሰስቲ ከም ዝቐረቡ ተሓሲቡ ኪቕጽል ከፍቅድ ወይ ቅኑዕ መሲሉ ዝተራእዮ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል።

(2) ካብ ሓያሎ ተኸሰስቲ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ጉቡእ መጸዋዕታ በጺሕዎም ክነሱ ምስ ዘይቐርቡ፡ እቲ ኽሲ ይቕጽል እሞ ቤት ፍርዲ ውሳነ ኣብ ዚህበሉ ግዜ ነቶም ዘይቐረቡ ተኸሰስቲ ብዚምልከት ቅኑዕ መሲሉ ዝተራእዮ ትእዛዝ ይህብ።

## ዓንቀጽ 113. - ዘይምቕራብ ሳልሳይ ኣካል ተኸሳሲ

(1) ሳልሳይ ኣካል ተኸሳሲ መጸዋዕታ ብግቡእ በጺሕዎ ክነሱ፡ ብኸሳሲ ኣብ ልዕሊ ተኸሳሲ ንዝቐርበ ክሲ ወይ ናቱ ተሓታትነት ንተኸሳሲ ንኺቓወም ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ምስ ዘይቀርብ፡ ኣብ ልዕሊ ተኸሳሲ ንዝወሃብ ውሳነን ንተኸሳሲ ኣበርክቶ ወይ መተኣማመኒ ናይ ምቕራብ ተሓታትነት ከም ዘሎዎ ከም ዝተቀበሎ ይሕሰብ።

(2) ኣብ ልዕሊ ተኸሳሲ ውሳነ ምስ ዚወሃብ፡ ተኸሳሲ ነዚ ውሳነ ድሕሪ ምፍጻም ወይ ነዚ ቅድሚ ምፍጻሙ ንቤት ፍርዲ ምልክታ ኣቕሪቡ ምስ ዚፍቐደሉ፡ ብመጠን እቲ ዝተሓተተ ኣበርክቶ ወይ መተኣማመኒ ኣብ ልዕሊ ሳልሳይ ኣካል ተኸሳሲ ውሳነ ኪወሃበሉ መሰል ኣሎዎ።

## ዓንቀጽ 114. - ተኸራኻሪ ወገን ብኣካል ምስ ዘይቀርብ

ኣብ ቤት ፍርዲ ብኣካል ኪቐርብ ዝተኣዘዘ ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ኣብ ዘይቐርበሉ ኹነታት፡ ኵሎም እቶም ከሳስን ተኸሳስን ምስ ዘይቐርቡ ተፈጻምነት ዘሎዎም ድንጋገታት ናይ ዝሓለፉ ዓናቕጽ ከከም ኵነታቱ ኣብ ልዕሊኣቶም ተፈጻምነት ይህልዎም።

## ዓንቀጽ 115. - ተኸራኻሪ ወገን ኣብ ዘይብሉ ንዝተዋህበ ፍርዲ ምቅዋም

(1) ዝኾነ ተኸሳሲ፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ምዕራፍ ንሱ ኣብ ዘይተረኽበሉ ዝተዋህበ ውሳነ ካብ ዚሰምዕላ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ወይ እቲ ዝተዋህበ ውሳነ ድሕሪ ዚበጽሖ መዓልቲ፡ ካብ ክልቲኡ ኣብቲ ዝደሓረ፡ ቤት ፍርዲ ነቲ ንሱ ኣብ ዘይተረኽበሉ ዝተዋህበ ውሳነ ንኺስረዝን መልሲ ንኪህብ ኪፍቐደሉ ከምልከት ይኽእል።

(2) እቲ፡ ተኸራኻሪ ወገን ኣብ ዘይብሉ ግዜ ንዝተዋህበ ፍርዲ ዝቃወም ምልክታ ናብቲ መልሲ ክህብ መሰል ዘሎዎ ቀዳማይ ከሳሲ ከም ዝበጽሖ ይግበር።

(3) ተኸሳሲ፡ እቲ መጸዋዕታ ብግቡእ ከም ዘብጽሖ፡ ወይ እቲ ኽሲ ኪስማዕ ምስ ተጸውዐ ከይቀርብ ወይ መከላኸሊኡ ወይ መልሱ ኸቕርብ ከይርከብ፡ ብብቑዕ ምኽንያት ምዕጋቱ፡ ንቤት ፍርዲ ኣብ ዘረዳኣሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ ክሳራ፡ ናይ ቤት ፍርዲ ክፍሊት ወይ ብቑዕ ዝመስሎ ካልእ ትእዛዝ ብምሃብ፡ ኣንጻር እቲ ተኸሳሲ ኣብ ዘይነበረሉ ዝተዋህበ ፍርዲ ንዝቐረበ ተቓውሞ ዚቕበል ትእዛዝ ይህብ፡ ነቲ ኽሲ ንምቕጻል ድማ መዓልቲ ይቈጽር። እቲ ፍርዲ ኣንጻር እቲ ተኸሳሲ ጥራይ ብዚምልከት ኪውንዘፍ ዘይከኣል ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ ኣንጻር ኵሎም ዝተረፉ ተኸሰስቲ ወይ ዝኾነ ካብኣቶም ብዚምልከትውን ኪውንዘፍ ይኽእል።

(4) እቲ ብዓል ጒዳይ ኣብ ዘይነበረሉ ግዜ ዝተዋህበ ፍርዲ ኪውሰን ከሎ ኣመልካቲ ዘይምንባሩ ኣብ ውሽጢ ትርጉም ናይ ዝሓለፈ ንኡስ-ዓንቀጽ ዚኣቱ እኹል ምኽንያት ኣይከውንን።

(5) ተቓውሞ ቅቡል ድሕሪ ምኳኑ ኣብ ዚቕጽል መስርሕ ዳንነት እቲ ብዓል ጕዳይ ኣብ ዘይተረኽበሉ ንዝተዋህበ ፍርዲ ንምቅዋም፡ ዝቐረበ ምልክታ ከም ማዕረ መከላኸሊ ቃል ይቝጸር።

(6) እቲ ብዓል ጕዳይ ኣብ ዘይተረኽበሉ ግዜ ንዝተዋህበ ፍርዲ ዚቃወም ምልክታ ኣብ ቤት ፍርዲ ካብ ዝተመዝገበሉን ብግቡእ ናብቲ ናይ ቅድም ከሳሲ ዚበጽሓሉን ግዜ ምፍጻም ናይቲ ኣብ ግዜ ብዅራት ዝተዋህበ ፍርዲ ይጸንሕ።

(7) ካብ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ክሳዕ (6) ዘለዉ ድንጋገታት ኣብ ናይ ይግባይ ጕዳያት ኣብ ዝወሃብ ናይ ብዅራት ፍርድታትውን ኣብ መዓላ ይውዕሉ።

# <u>ሳልሳይ መጽሓፍ - ኣበጻጸሓ መጸዋዕታ፡ ጽሑፋት ክርክር፡ መርትዖ</u>

## <u>ቀዳማይ ኣርእስቲ - ኣበጻጽሓ መጸዋዕታ</u>

### <u>*ምዕራፍ 1. - ምልኣኽን ምብጻሕን መጸዋዕታ ንተኸሳሲ*</u>

<u>ዓንቀጽ 116. - ምልኣኽ መጸዋዕታ</u>

(1) ዝተፈልየ ኣብ ዝተደንገገሉ ኵነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ሓደ ክሲ ብመሰረት እዚ መጽሓፍ ብግቡእ ምስ ዚምስረት፡ ተኸሳሲ ኣብቲ መጸዋዕታ ኣብ ዝተገልጸ መዓልቲ ኪቐርብን ንዝቐረበሉ ሕቶ መልሲ ኪህብን መጸዋዕታ ይበጽሖ። ተኸሳሲ፡ ከሳሲ ኽሲ ኣብ ዝምስርተሉ ግዜ ብምቅራብ ነቲ ኽሲ ምስ ዚኣምነሉ መጸዋዕታ ኣይለኣኽሉን።

(2) ተኸሳሲ ኵሉ እቲ ምስ መልሲ ተተሓሒዙ ኪቐርብ ዝግባእ ሰነዳት ሒዙ ንኺቐርብ ኣብቲ መጸዋዕታ ይሰፍር።

(3) ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቈጸራ ምስ ዘይቀርብ ወይ ብዘይ መልሲ ምስ ዚቐርብ፡ እቲ ጕዳይ በቲ ኽሲ መሰረት ከም ዚቕጽል ኣብቲ መጸዋዕታ ይሕበሮ።

(4) ነፍስ-ወከፍ መጸዋዕታ ብሕጊ ብዝተኣዘዘ ቅጥዒ መሰረት ተዳልዩ፡ ብዳኛ ወይ ብረጂስትራር ወይ ኣብ ክንድኦም ክፍርም ስልጣን ብዝተዋህቦ ሰብ ይፍረምን ማሕተም ቤት ፍርዲ ይህልዎን።

<u>ዓንቀጽ 117. - ኣገባብ ኣበጻጽሓ መጸዋዕታ</u>

(1) ዝተፈልየ ኣብ ዝተደንገገሉ ኵነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ንተኸሳሲ መጸዋዕታ ዝበጽሖ ብቤት ፍርዲ እዩ። ቤት ፍርዲ ብወገኑ ነዚ ዕማም ኣብ ክንዳኡ ኾይኑ ዝፍጽመሉ (ካብዚ ንደሓር "ኣብጻሒ መጸዋዕታ" ተባሂሉ ዚጥቀስ) ዝኾነ ሰብ ኪመዝዝ ይኽእል።

(2) ቤት ፍርዲ፡ መጸዋዕታ ዝለኣኸሉ ሰብ ንትሕዝቶ ናይቲ መጸዋዕታ ኪርድኦ ክሳዕ ዚኽእል፡ መጸዋዕታ ብዝኾነ ኣገባብ ኪብጽሖ ክእዝዝ ይኽእል።

(3) ንድንጋገታት ስዒቦም ናይ ዝርከቡ ዓናቕጽ ከይተንከፈ፡ ብዝተኻእለ መጠን መጸዋዕታ ንተኸሳሲ ብኣካል ይወሃቦ።

(4) ዝተፈልየ ኣብ ዝተደንገገሉ ወይ ብቤት ፍርዲ ዝተፍለየ ኣብ ዝተኣዘዘሉ ኵነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ካብ ሓደ ንላዕሊ ተኸሰስቲ ኣብ ዝህልውሉ ግዜ፡ ነፍስ-ወከፍ ተኸሳሲ መጸዋዕታ ይበጽሖ።

ዓንቀጽ 118.- ምብጻሕ መጸዋዕታ ንሕጋዊ ሰብነት ዝተዋህቦም ኣካላትን መሻርኸትን

(1) ሕጋዊ ሰብነት ንዝተዋህቦም ኣካላት መጸዋዕታ በዚ ዚስዕብ ኣገባብ ይበጽሕ፤

(ሀ) ምስ ሰክረታሪ፡ ዝኾነ ዳይረክተር ወይ ምስ ካልእ ቀንዲ ብዓል መዚ ናይቲ ሕጋዊ ሰብነት ዝተዋህቦ ኣካል ብምግዳፍ፡

(ለ) ብቡስጣ ናብ ምዝጉብ ኣድራሻ እቲ ሕጋዊ ሰብነት ዘሎዎ ኣካል ናይ ሓደራ ደብዳቤ ብምልኣኽ፡ እቲ ሕጋዊ ሰብነት ዘሎዎ ኣካል ምዝጉብ ኣድራሻ ምስ ዘይህልዎ ኣብቲ ንጥፈታቱ ዘካይደሉ ቦታ ብምግዳፍ።

(2) መሻርኸቲ ብስም ትካሎም ኣብ ዝኸሰሱሉ ኹነታት፡ ናብቲ ሽርክነት ብኣካል ዚበጽሕ መጸዋዕታ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይኸውን፤

(ሀ) ምስ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ መሻርኸቲ ብምግዳፍ፡ ወይ

(ለ) ኣብቲ መጸዋዕታ ዝበጽሓሉ ግዜ፡ እቲ ሽርክና ንግድ ኣብ ዘካይደሉ ቐንዲ ቦታ ናይቲ ትካል ቊጽጽር ወይ ናይ ምሕደራ ሓላፍነት ምስ ዚነበሮ ዝኾነ ሰብ ብምግዳፍ።

(3) ቅድሚ ምምስራት ክሲ እቲ ሽርክነት ከም ዝፈርሰ ከሳሲ ይፈልጥ ኣብ ዝነብረሉ ኹነታት፡ መጸዋዕታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ወይ ኣብ ዝውቱር መንበሪ ኣጻራዪ ብምግዳፍ ይበጽሕ።

ዓንቀጽ 119.- መጸዋዕታ ናብ ወኪል ወይ ጠበቓ ምብጻሕ

(1) ተኸሳሲ መጸዋዕታ ዚቕበለሉ ወኪል ምስ ዚህልዎ፡ ቤት ፍርዲ ዝተፈልየ ኣብ ዝእዝዘሉ ኹነታት እንተ ዘይኲይኑ፡ መጸዋዕታ ንወኪል ከም ዝበጽሖ ይግበር፡ ንተኸሳሲ ብኣካል ከም ዝበጽሖ ድማ ይቝጸር።

(2) ኣብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንዝበጽሕ ጒድኣት መሕወዪ ወይ ካሕሳ ንምርካብ ኣብ ዝተመስረተ ክሲ፡ መጸዋዕታ ንተኸሳሲ ብኣካል ምብጻሕ ዘይክኣል ምስ ዚኸውን ወይ ተኸሳሲ ኣብ ክንድኡ መጸዋዕታ ኪቕበለሉ ዝመዘዞ ወኪል ኣብ ዘየህልወሉ ኹነታት፡ መጸዋዕታ ነቲ ንብረት ናብ ዘመሓድር ዝኾነ ወኪል ተኸሳሲ ኪበጽሕ ይኽእል።

(3) ኣንጻር እቲ ኣብ ውሽጢ ከባቢያዊ ኽሊ-ስልጣን ናይቲ መጸዋዕታ ዚኣዝዝ ቤት ፍርዲ ዘይነብር ሰብ ዚቐንዐ ምስ ዋኒን ወይ ስራሕ ኣብ ዝተዛመደ ክሲ፡ መጸዋዕታ ኣብ ዚበጽሓሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ ደረታት ናይቲ ኽሊ-ስልጣን እቲ ኣብ ክንድቲ ሰብ ብኣካል፡ ዋኒን ወይ ስራሕ የካይድ ናብ ዝነበረ ዝኾነ ኣካያዲ ወይ ወኪል ዝበጽሖ መጸዋዕታ ነቲ ሰብ ከም ዝበጽሖ ይሕሰብ። ንዕላማታት ናይዚ ንኡስ-ዓንቀጽ ብዚምልከት ሓለቓ መርከብ ናይ ዋና መርከብ ወይ ተኻራያይ ወኪል ከም ዝኾነ ይቝጸር።

(4) ጠበቓ ኣብ ክንዲ ተኸሳሲ መጸዋዕታ ኪቕበል ስልጣን ምስ ዚወሃብ፡ ቤት ፍርዲ ዝተፈልየ እንተ ዘይኣዚዙ፡ እቲ መጸዋዕታ ንጠበቓ ይወሃብ ወይ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ይግደፍ እሞ ንተኸሳሲ ብኣካል ከም ዝበጽሖ ይቝጸር።

ዓንቀጽ 120.- ንኣባል ስድራ ቤት ተኸሳሲ ዚበጽሕ መጸዋዕታ

ኣብ ዝኾነ ኽሲ ተኸሳሲ ኺርከብ ምስ ዘይክኣል እሞ ኣብ ክንድኡ መጸዋዕታ ኪቕበል ዝተመዘዘ ወኪል ምስ ዘይህሉ፡ እቲ መጸዋዕታ ኣብ ዝበጽሓሉ ግዜ ምስ ተኸሳሲ ዚነብር ዝኾነ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሐ ሰብ ኪወሃብ ይከኣል።

ዓንቀጽ 121.- ክርክብ ዘይተኻእለ ተኸሳሲ

ኣብጻሒ መጸዋዕታ ኵሉ ግቡእን ርትዓውን ጻዕሪ ገይሩ ከብቅዕ፡ ንተኸሳሲ ኪረኽቦ ምስ ዘይክእል፡ መጸዋዕታ ኪቕበል ዝተመዘዘ ወኪል ወይ መጸዋዕታ ኪገድፈሉ ዚከኣል ዝኾነ ኻልእ ሰብ ምስ ዘይህሉ፡ እቲ ኣብጻሒ ነቲ መጸዋዕታ ከብጽሓሉ ዘይከኣለ ምኽንያት ብቓል-ማሕላ ኣሰንዩ ነቲ መጸዋዕታ ናብቲ ቤት ፍርዲ ይመልሶ። ኣብ ከምዚ ዥነታት፡ ንመተካእታ መጸዋዕታ ዚምልከቱ ድንጋገታት እዚ ምዕራፍ ተፈጻምነት ይህልዎም።

ዓንቀጽ 122.- መጸዋዕታ ከም ዝበጽሐ ምርግጋጽ

(1) መጸዋዕታ ንተኸሳሲ ብኣካል፡ ንወኪል፡ ንጠበቓ ወይ ኣብ ክንዲ ተኸሳሲ ንዝኾነ ኻልእ ሰብ ኣብ ዝበጽሓሉ ዥነታት፡ እቲ መጸዋዕታ ዚበጽሖ ሰብ ኣብ መበቈላዊ መጸዋዕታ ብምፍራም ከም ዝተቐበለ የረጋግጽ።

(2) እቲ ኸምዚ ዝመስል ሰብ ምፍራም ምስ ዚኣቢ፡ ዓንቀጽ 121 ተፈጻምነት ይህልዎ። እንተ ኾነ፡ ቤት ፍርዲ ቅኑዕ ኰይኑ ምስ ዚርእዮ እቲ ሰብ መጸዋዕታ ብግቡእ ከም ዘብጽሐ ብምሓሳብ ንድንጋገታት ዓንቀጽ 124(2) ኺገድፎም ይኽእል።

(3) እቲ መጸዋዕታ ብመሰረት ዓንቀጽ 117(2) ንተኸሳሲ፡ ንወኪሉ ወይ ንጠበቓ ኣብ ዝበጽሓሉ ዥነታት፡ ብተኸሳሲ፡ ብወኪል፡ ብጠበቓ ዝተፈረመ ዚመስል መርጋገጺ ወይ እቲ ተኸሳሲ ወይ ወኪል መጸዋዕታ ምቕባል ከም ዝኣበዩ ዘመልክት ብሰራሕተኛ ቡስጣ ኣብቲ መልእኽቲ ዝተገብረ ምልክት፡ እቲ ቤት ፍርዲ መጸዋዕታ ከም ዝበጽሐ ከም ኣፈናዊ መርትዖ ኪቴጽሮ ይኽእል።

ዓንቀጽ 123.- መጸዋዕታ ዝበጽሓሉ ግዜን ኣገባብን ምርግጋጽ

መጸዋዕታ ብመሰረት ዓንቀጽ 122(1) ኣብ ዝበጽሓሉ ዥነታት፡ እቲ ኣብጻሒ መጸዋዕታ ወይ ብቤት ፍርዲ ነቲ ስራሕ እቲ ዝተመዘዘ ዝኾነ ሰብ፡ እቲ መጸዋዕታ ዝበጽሓሉ ግዜን ኣገባብን፡ ስምን ኣድራሻን ናይቲ ሰብ፡ እንተልዩ ዝተቐበለ ሰብ ብምጥቃስ መጸዋዕታ ከም ዝበጽሐ ብምምስካርን ኣብቲ መበቈላዊ መጸዋዕታ ብፌርማ ወይ ብጥብቆ የረጋግጽ ወይ ከም ዝረጋገጽ ይገብር።

ዓንቀጽ 124.- መተካእታ ኣበጻጽሓ

(1) ቤት ፍርዲ፡ ተኸሳሲ መጸዋዕታ ከይቕበል ይሕባእ ምህላዉ ወይ ብዝኾነ ኻልእ ምኽንያት መጸዋዕታ በቲ ንቡር መገዲ ኪበጽሕ ከም ዘይከኣል ምስ ዘረጋገጽ፡ ቅዳሕ ናይቲ መጸዋዕታ ክርእ ኣብ ዝኽእል ቦታ ናይ ቤት ፍርዲ፡ ከምኡውን ተኸሳሲ ኣብ መወዳእታ ይነብረሉ ዝነበረ፡ ንግድ የካይደሉ ወይ ብውልቁ ንረብሓ ይሰርሓሉ ነይሩ ኣብ ዝበሃል ገዛ ብምልጣፍ፡ ወይ ቅኑዕ ኰይኑ ብዝተረኣዮ ካልእ ኣገባብ እንተላይ ኣብ ጋዜጣ ምቕላሕ፡ እቲ መጸዋዕታ ንኪበጽሖ ይእዝዝ።

(2) መጸዋዕታ ብመሰረት ዓንቀጽ 121 ምስ ዚምለስ፡ ቤት ፍርዲ ብኣመልካትነት ከሳሲ ሓድሽ መጸዋዕታ ክልእኽን ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ዝተደንገገ ናይ ኣበጻጽሓ መተካእታ ኪእዝዝን ይኽእል። ከሳሲ መጸዋዕታ ድሕሪ ምምላሱ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ምስ ዘየመልክት ዓንቀጽ 107(1)(መ) ተፈጻምነት ይህልዎ።

(3) ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ መተካእታ ኣበጻጽሓ ኣብ ግብሪ ምስ ዚውዕል፡ ንተኸሳሲ ብኣካል ከም ዝበጽሖ ተሓሲቡ ማዕረ ተፈጻምነት ይህልዎ።

(4) ቤት ፍርዲ መተካእታ ኣበጻጽሓ ኣብ ዝእዝዘሉ ግዜ፡ ንኵነታት ናይቲ ጉዳይ ኣብ ግምት ብምእታው ተኸሳሲ ዚቐርበሉ መዓልቲ ይውስን።

ዓንቀጽ 125. - ኣብጻሒ መጸዋዕታ

(1) ኣብ ዓንቀጽ 117 ከም ዝተጠቐሰ መጸዋዕታ ንኼብጽሕ መጸዋዕታ ዝተዋህቦ ወይ ዝተላእኸሉ ሰብ፡ ብዝተኻእለ መጠን ነቲ መጸዋዕታ ከብጽሕን ምስ ክታሙን መረጋገጺ ጽሑፍን ኪመልስን ይግደድ። እቲ ኽታም ድማ መጸዋዕታ ከም ዝበጽሐ ከም መርትዖ ይቝጸር።

(2) ብዝኾነ ምኽንያት መጸዋዕታ ምብጻሕ ዘይከኣል ኣብ ዝኾነሉ ኵነታት፡ እቲ መጸዋዕታ ንምብጽሑ ዝተወስደ ስጕምትን ኪበጽሕ ዘይተኻእለሉ ምኽንያትን ብዚገልጽ ጽሑፍ ብምስናይ እቲ መጸዋዕታ ናብቲ ቤት ፍርዲ ይምለስ። እቲ ጽሑፍ ድማ መጸዋዕታ ከም ዘይበጽሐ ከም መርትዖ ይቝጸር።

ዓንቀጽ 126. - ግዝኣታዊ ደረት ምብጻሕ መጸዋዕታ

(1) ሓደ ቤት ፍርዲ ዝኣዘዞ መጸዋዕታ ብሓደ ኻብ ኣባላት ናይቲ ቤት ፍርዲ ወይ ብቡስጣ ናብቲ ተኸሳሲ ይነብረሉ እዩ ወይ ኣብኡ ከይተረኽበ ኣይተርፍን እዩ ዝበሃለሉ ቦታ ክሉ-ስልጣን ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ኪለኣኽ ይከኣል።

(2) እቲ ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) መጸዋዕታ ዝተላእከሉ ቤት ፍርዲ፡ ነቲ መጸዋዕታ ምስ ተቐበለ፡ ልክዕ ባዕሉ ከም ዝኣዘዞ ኰይኑ ይከታተሎ እሞ፡ ንኣበጻጽሕኡን ውጽኢቱን ብዚምልከት ጸብጻብ ብምስናይ ነቲ መጸዋዕታ ናብ ለኣኺ ቤት ፍርዲ ይመልሶ።

ዓንቀጽ 127. - ኣብ ወጻኢ ሃገር ንዚነብር ተኸሳሲ መጸዋዕታ ምብጻሕ

ተኸሳሲ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዚነብር ምስ ዚኸውን እሞ ኣብ ኤርትራ መጸዋዕታ ኪቕበለሉ ዝተመዘዘ ወኪል ምስ ዘይህልዎ፡ ኣድራሻ ተኸሳሲ ፍሉጥ ምስ ዚኸውን መጸዋዕታ ብቡስጣ ናብ ኣድራሻኡ ይልኣኽ፡ ኣድራሻኡ ፍሉጥ ምስ ዘይከውን ድማ እቲ መጸዋዕታ ቤት ፍርዲ ኣብ ኤርትራ ዝርጋሐ ኣብ ዘሎዎ ጋዜጣ ብምቅላሕ ከም ዝጽዋዕ ይግበር።

ምዕራፍ 2. - ኣበጻጽሓ መጸዋዕታ ናብ ምስክር

ዓንቀጽ 128. - ወጻኢታት ምስክር

(1) መጸዋዕታ ንምስክር ኪለኣኽ ቅድሚ ምእዛዙ፡ ናይ ምስክር መጸዋዕታ ኪግበረሉ ዘመልከተ ተኸራኻሪ ወገን ምስክር ኣብ ቤት ፍርዲ ንኺርከብ ንመጓዓዝያን ንኻልእን ወጻኢታቱ ንኺሽፈን ንቤት ፍርዲ እኹል መሲሉ ዝተራእዮ መጠን ገንዘብ ኣብ ቤት ፍርዲ ከትሕዝ ይግደድ።

(2) ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ኪኸፈል ዚከኣል መጠን ገንዘብ ኣብ ምውሳን፡ ቤት ፍርዲ ኣብቲ ጉዳይ ከም ክኢላ ቃል ምስክርነት ክህብ ዝተጸውዐ ሰብ ቃል ምስክርነቱ ኣብ ምሃብን ነቲ ጉዳይ ኣድላዪ ዝኾነ ስራሕ ኣብ ምፍጻምን ንዘጥፍኦ ግዜ ርትዓዊ ዝኾነ ዋጋ ክፍሊት ከፍቅድ ይኽእል።

(3) እቲ ንወጻኢታት ምስክር ክሽፍን ተባሂሉ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝተታሕዘ ገንዘብ፡ እቲ ቤት ፍርዲ ብዚእዝዞ ግዜ፡ ኣገባብን መጠንን ንምስክር ይወሃብ።

ዓንቀጽ 129. - ተወሳኺ ክፍሊት

(1) እቲ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝተታሕዘ ገንዘብ፡ ንወጻኢታት ወይ ንርትዓዊ ኽፍሊት ክሽፍን ዘይክእል መሲሉ ምስ ዘርእዮ፡ ቤት ፍርዲ ነቲ ዝጎደለ ንምምላእ ኣድላዩ ኹይኑ ዝረኸቦ ተወሳኺ ገንዘብ ንምስክር ኪኸፈሎ ኪእዝዝ ይኽእል።

(2) ሓደ ምስክር ካብ ሓደ መዓልቲ ንላዕሊ ኣብ ቤት ፍርዲ ኪርከብ ኣድላዪ ምስ ዚኸውን፡ እቲ ምስክር ኪጽወዓሉ ዘመልከተ ወገን ናይ ምስክር ተወሳኺ ግዜ ወጻኢታት ንምሽፋን እኹል ዝኾነ መጠን ገንዘብ ናብ ቤት ፍርዲ ከትሕዝ ቤት ፍርዲ ኪእዝዝ ይኽእል።

(3) ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ ገንዘብ ኣብ ቤት ፍርዲ ምስ ዘይተሓዝ፡ ቤት ፍርዲ ናይቲ ምስክር ኪጽወዓሉ ዘመልከተ ወገን ተንቀሳቓሲ ንብረት ብምትሕዛን ብምሻጥን እቲ ገንዘብ ንኺኽፈል ወይ ነቲ ብመጸዋዕታ ዝቐረበ ሰብ ምስክርነቱ ኪህብ ከይተገደደ ንኺልቀቕ ወይ ክልቲኡ ምኽፋልን ምስክርነት ከይሃብካ ምልቃቕን ኪእዝዝ ይኽእል።

<u>ዓንቀጽ 130. - ኣገባብ ኣበጻጽሓን መርትዖን መጸዋዕታ</u>

(1) ኣብ ትሕትዚ ምዕራፍ ኪበጽሕ ዝተኣዘዘ መጸዋዕታ፡ ንተኸሳሲ ምስ ዚበጽሕ መጸዋዕታ ብሓደ ዓይነት ኣገባብ ይበጽሕ። መጸዋዕታ ከም ዝበጽሐ ንምርግጋጽ ኣብ ግብሪ ዝውዕሉ ድንጋገታት ናይ ዝሓለፈ ምዕራፍ፡ ንምስክር ዝምልከቱ ዓናቕጽ ናይዚ ሕጊ ብዘየገድስ ተፈጻምነት ይህልዎም።

(2) እቲ መጸዋዕታ፡ ምርመራ ዚካየደሉ ዕለት፡ ግዜን ቦታን መርትዖ ኪወሃበሉም ዚድለዩ ክውንቶታትን ሳዕቤናት ዘይምቕራብን ይገልጽ። ብምስክር ኪቐርብ ዝድለ ዝኾነ ሰነድ ኣብቲ መጸዋዕታ ብርትዓዊ ልክዕነት ይግለጽ።

(3) ምስክር ናብቲ ምስክርነቱ ዚድለየሉ ቦታ ንምቕራብ ርትዓዊ ዝኾነ ግዜ ምእንቲ ኪረክብ፡ እቲ ግዱስ ወገን ነቲ መጸዋዕታ ቅድምቲ ዝተወሰነ መዓልቲ ቈጸራ እኹል ግዜ ብምሃብ ከም ዚበጽሖ ይገብር።

<u>ዓንቀጽ 131. - ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዚርከቡ መሰኻኽር ናይ ሕቶ ደብዳቤ</u>

(1) ሓደ ተኻራኻሪ ወገን ካብ ኤርትራ ወጻኢ ናይ ዚነብር ምስክር መርትዖ ምስ ዚደሊ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እቲ ምስክር ኣብ ዚርከበሉ ሃገር ናብ ዚርከቡ ኣብያተ ፍርዲ ናይ ሕቶ ደብዳቤ ንኺልኣኽ ይእዝዝ።

(2) ናይ ሕቶ ደብዳቤ ማለት ኣብ ወጻኢ ሃገር ንዚርከቡ ኣብያተ ፍርዲ መርትዖ ናይቲ ምስክር ንኺቕበሉ ወይ መርትዖ ዚህበሉ ኹነታት ከጣጥሑ ዚሓትት ደብዳቤ ማለት እዩ።

(3) እቲ ናይ ወጻኢ ሃገር መንግስቲ፡ ኣብ ግዝኣቱ ሓደ ሰብ ናይ ካልእ ሰብ ምስክርነት ኪቕበል ምስ ዘፍቅድ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ነዚ ዘተግብር ፍሉይ መርማሪ ኪምዝዝ ይኽእል።

(4) ሓደ ሰብ ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ ድሕሪ ማሕላ ወይ ናይ መረጋገጺ ቃል ምሃብ ወይ ኣብቲ ሃገር ብዚፍቀድ ዝኾነ ስርዓት መሰረት ምስክርነቱ ከም ዝህብ ኪግበር ይኽእል።

(5) ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ ሕቶ ደብዳቤ ንኺወሃብ ምስ ዚእዝዝ፡ እቲ ትእዛዝ ንኺወሃበሉ ዘመልከተ ወገን እዞም ዚስዕቡ ሰነዳት ምስ ትርጉማቶም ምስ መዝገብ የተሓሕዝ፤

(ሀ) ንድፊ ናይ ሕቶ ደብዳቤ፡

(ለ) መግለጺ ምስቲ ኽርክር ናይ ዝተኣሳሰሩ ጭብጥታት፡ ከምኡውን

(ሐ) ነቲ ምስክርነት ዚህብ ሰብ ዚቐርበሉ ዝርዝር ሕቶታት ወይ ኣርእስቲ ናይ ዚቐርቡ ሕቶ።

(6) ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፡ እቲ ናይ ሕቶ ደብዳቤ ንኪእዘዘሉ ዘመልከተ ተኻራኻሪ ወገን፡ ነቲ ናይ ሕቶ ደብዳቤ ወጻኢታትን ኣብ ንኡስ-ዓንቀጽ (3) ናይ ዝተጠቕሰ መርትዖ ዝቕበል መርማሪ ኣበልን ወጻኢታትን ንምሽፋን፡ እኹል መሲሉ ዝተራእዮ መጠን ገንዘብ ንኪኸፍል ኪእዝዝ ይኽእል።

## *ምዕራፍ 3. - መጸዋዕታ ዘይኰነ ናይ ጽሑፍ ትእዛዝን ካልእ ወረቐትን ዚበጽሓሉ ኹነታት*

### ዓንቀጽ 132. - ተፈጻምነት ብምʼምስሳል

ብቤት ፍርዲ ዝተፈልየ ኣብ ዝተኣዘዘሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ድንጋገታት ምዕራፍ 1 ናይዚ ኣርእስቲ፡ ብመሰረት እዚ ሕጊ ኣብ ልዕሊ ናብ ሓደ ወይ ናብ ነፍስ-ወከፍ ተኻራኻሪ ወገን ኪበጽሑ ዝግብኦም መጸዋዕታ ዘይኰኑ ኵሎም ናይ ጽሑፍ ትእዛዛትን ካልኦት ጽሑፋትን ብምʼምስሳል ተፈጻምነት ይህልዎ።